የትግራይ ዴሞክራሲያዊ ትብብር - ዴሞክራሲያዊ ምትሕብባር ትግራይ

TIGRIAN ALLIANCE FOR NATIONAL DEMOCRACY (TAND)
e-mail: ezanareg@hotmail.com

# ወርቅን ሓቅን እንዳሓደረ ይጸርይ

ህወሓት አብ ሙሉእ ሃገር ኢትዮጵያ ብዝግበር ዘሎ ቃልስን ጸቕጥን ካብኡ ተላዒሉውን አብ ውሽጢ ኢህኢደን ዘለዋ ፓርቲታት ፋኽክርን ምፍሕፋሕን ተፈጢሩ ስለዘሎ ሓደ ብሓደ ሓቢእዎ ዝነበረ ምስጢርን ከገብሮ ዝጸንሐ ሓሶትን ምውንባድን ክቃላዕ ይገበር አሎ። ቅድም ክብል ናይ ጽሬት ዘመቻ ብዝብል ናይ ምምሕዳር ድኽመት ከምዘለዎ፣ ናይ ዲሞክራሲ ከይዲ ክጸብብ ምግባሩ፣ ቡኩንነት ምንጋሱ፣ ናይ ሓሰት ጸብጻብ እንዳቕረበ ዘየለ ምዕባለ ይገልጽ ምንባሩ ገሊጹ እዮ። ሕዚ ድማ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝተኣሰሩ ፖለቲካዊ እሱራት ተቓወምቲ የለዉን እናበለ ድሕሪ ምጽናሑን ሀዚ ዝፈትሖም ዘሎኹ ኣባላት ተቓወምቲ ውድባት ብዝፈጸምዎ ወንጀል እምበር ብፖለቲካ ኣረኣእያኦም ዝተኣሰሩ ከምዘይኮኑ ገሊጹ። እቱ ናይ ፖለቲካ እሱራት የብልናን፣ ብፖለቲካ ኣፈላላይ ሰብ ኣይንኣስርን ዝብል እንቶ ፈንቶ ናይ ፈጠራ ወረ ማይ ከምዘይቿጽር ህዝቢ ይፈልጠ፣ ልቦምን ሒሊናኦምን ብጭቡጥ ይፈልጠ ንሕናውን እንፈልጠ ሓቂ እዩ። እዙይ እንኳይዶ እቱ ኩሉ ኣብርእሱ ዝበጽሖ ዘሎ ንንሕድ ሕዲኣ ጉዳይ ብዝርዝር ዝፈልጣ ህዝብናስ እቶም ረብሓኦም ከኽብረሎም ብድጎማ ዝጥብርዎ ምዕራባዊያን'ውን ዝነቕሑሉ ፀሓይ ዝወቕዖ ግሑድ ሓቂ እየ። ኣብ ኢትዮጵያ ብፍላይ'ውን ኣብ ትግራይ ዜጋታት መረረቶም ብምግላፆም ከምዝእሰሩ መራሕቲ ህወሓት ይፈልጥዎ፣ ህዝብናውን ይፈልጠ። ኣብዚ ማእሰርቲ ሓረስቶት እግሪ ሓሪባ ከምኣብነት ምሕባር እኹል መረዳእታ እዩ። ንዙ ዝተገለጸ ሓቂ እዚ ኹሉ ዝበሃል ዘሎ ቅድም ክብል ተቓወምቲ ካብኦምውን ትዴት (TAND) ብተደጋጋሚ ኽገልጹ ጸኒሖም እዮም። ስለተዛረቡውን ብዙሓት ተእሲሮም፣ ተገሪፎም፣ ተቐቲሎም፣ ተሰዲዶም እዮም። ስለዝኾነ'ውን ናይ ፖለቲካ እሱራት የብልናን ምባል እንካብ ንባዕልኽ ምዕሻው ዝዘልል ትርጉም ስለዘይብሉ ኣብ ደረቕ ወንጀል ዘይተረኽቡ ኡሱራት ኩሎም ብዘይ ምንም ቅድመ ኩነት ብነፃ ተፈቲሖም ክከሓሱ ይግባእ።

እንካብዚ ሕልፍ ዝበለ ከዓ ኣብዙ ሎሚቕነ አቶ አባይ ፀሃየ አብ ዝሃቦ መግለጺ ተቓወምቲ ን30 ዓመታት ህዝቢ ትግራይ ከይተጠቐመ ተጠቃማይ ኮይኑ እንዳበሉ ክዘምቱ ከለው ከይተጋፈጥናዮ ብምጽናሕና አብ ውሽጢ ኢህወዴግ ዘለዋ ፓርቲታትውን እዚ አረኣእያ ከምዘለውን፣ ጸቢብ ብሄራዊ ስምዒታት ከምዝዓበየን፣ እቲ መንእሰይ ናይ ኢትዮጵያውነትን ሓድነትን ፍልጠት ከምዘይብሉን፣ ወዘተ. ዘርዚሩ ኣቕሪቡ።

መጀመርያ ህዝቢ ትግራይ ምንም እንከይተጠቐመ ተጠቃሚ ኣምሲሉ ብተለብሸዥንን ኩሉ መራኸቢ ሓፋሽን ብሰፊሑ ከጋውሖን ከምበድብዶን ዝጸንሕ መሪሕነት ህወሓት ምኻኑ ብግልጺ ክፍለጥ ኣለዎ። ጠቕላይ ሚኒስተር ኃይለማርያም ደሳለኝ ኣብ ፈደራል ፓርላማ ቐሪቦም ሓረስቶ ትግራይ 100% (ሚእቲ ፐርሰንት) ሞደለ ሓረስቶት ኮይኖም ኢሎም ሪፖርት እንተቕርቡ እኒ ኣይተ ዓባይ ፀሃየን መራሕትን ኣባላትን ህወሓት ኣበይ ነይሮም? ዝብል ጥያቄ ክነቕርብ ንግደድ። ቐጺሉ ህወሓት ብዋናነት ኣብ እትገዝኣ ትግራይ እናቕረበቶም ዝፅንሐት ጸብጻባት ዕብየት እቱ ካሊእ ትግራይ ብዓይኑ ዘይረኣያ ኢትዮጵያዊ፤ ትግራይ ማዕቢላ ተወንጨፋ እንትበለ እንታይ ዘገርም ኣለዎ? ከም ማስረጃ ገይሩ ዘቕርቦኮ ህወሓት ባዕሉ ዘቕረቦ ጸብጻብ እዩ? ትማሊ ኣብ መሬት ዘይረአ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ይቐርብ ኣሎ እንትንብል ዕበየት ትግራይ ዘይፈትወሎም መናፍቕን ትብሉና ነይርኩም! ከተማ መቐለ ዝስተማይ የለን እንትበሃል እኮ እዩ ኣቕርቦት ማይ ኣብ ትግራይ 82% ብጺሑ እናበልኩም ጸብጻብ ተቕርቡ

ነይርኩም። ብተወሳኺ ቅኑዓት እንተትኾኑ ወዮደኣ ክሓልፍ’ውን ዘይነኽእኩም ኮይኑኹም እምበር፤ እቲ እትብልዎ ዘለኹም ከማና ትሰምዕዎ እንድሕርደኣ ነይርኩም፤ ህዝቢ ትግራይ ዘይበላዕናዮ ኣይተብሉዑና እንተብለኩም ንምንታይ አይተቓለስኩምዎን? ብሓደ ወገን ህወሓት ዘየለዉ ጸላእቲ ከምዘለዉ ኣምሲሉ እንዳፈጠረ ህዝቢ ትግራይ ፈሪሑ አብ ጎኒ መራሕቲ ህወሓት/ጎኑኹም ንክሰለፍ እቲ ዝግበር ዝነበረ ዘመተ ብታሕጓስ ክትቅበልዎ ዝጸናሕኩም እንዲያውም ብሓሶት ህዝቢ ትግራይ ዓብዩ ብዙህ ነገር ረኺቡ ብወያነና እንዳበልኩም መውቅዒ በትሪ ክትቕረቡ ኢኹም ጸኒሕኩም። ብካልኣይ ወገን ድማ አብቲ ተቓዋሚ ካብ ልክዕ ዝሓለፈ ንዕቀት ስለዝንበረኩም እውን እዩ።

እቲ ጸቢብነት ክነግስ ዝገበረ ባዕሉ ህወሓት/ኢህወዴግ እዩ። ህዝቢ ትማሊ’ውን ኣብኡ ይነብር ነይሩ እዩ። ይኹን እምብር እቲ ሎሚ ዝረአ ዘሎ ዓሌታዊ ጽልኣት ከምዙ ሎሚ ገኒኑ ዝወጸሉ ጊዜ ኣይነበረን። ስለዝኾነ’ውን ኣብ ሞንጎ ብሔራትን ብሔረሰባትን ዘሎ ቕርሕንትን ጽልእን ክባላሕን ክዓብን ዝገበረ ህወሓት/ኢህወዴግ ዝተኸተሎን ዝኽተሎ ዘሎን ፖሊሲ ዝፈጠሮ እዩ። አብ ክንዲ ሓድነት ናይቲ ህዝቢ አጠናኺርካ ንክሰምር ምግባር አብ አፈላላያቱ እንዳተኮርካ ነንባዕሉ ከጻላእን ከጠራጠርን ጌርኩም። ናይ ኦሮሞ ክልል ናይ አምሓራይ ወታደር ናይ ኦሮሞ ሰበይቲ ጡብ እንዳቖረጸ ሓወልቲ ክሰርሕ ከሎ እንዳሰሓቅኩምን እንዳታሓጎስኩምን እዩ። አብ ሞንጎ አምሓራይን ኦሮሞን ዘሎ ቅርሕንቲ ንኽዓቢ ማለት እዩ። ካብ ደቡብ ኢትዮጵያ አምሓሩ ክፈናቐሉ ከለው ክንዲ ጌጋ እዩ ኢልካ ጠጠው ንኽብል ምግባር ብዘይአገባብ ዝሰፈሩ ነቲ በረኻ ዘብረሱ ስልዝኾኑ እዮም ተባሪሮም እናተብሃለ አዩ ካብ ጠቕላይ ሚኒስተር መለስ ጀሚርካ ብመራኸቢ ሓፋሽ ህወሓት/ኢህወዴግ ዝጋዋሕ ነይሩ። ነቲ ተባሪሩ በብመንገዱ ዝወደቐ ሰብኳ ሓገዝ አይተገበረሉን፣ ህወሓት/ኢህወዴግ ንዞም ዜጋታት እዚኦም ዘርኣዮ ምንም ሰብኣዊ ርህራዩ ኣይነበረን። መንግሥቲ ምንም ክገብረሎም ብዘይምኽኣሉ’ውን እዩ ኣብ ቤት ጽሕፈት መኢኣድ ንኽዕቀቡ ዝተገደዱ። እዙ’ውን እዩ ነቲ ዝተፈናቐለ ህዝቢ እዙይ ኣይመንግሥተይን ኣይውክለንን ንኽብል ዘብቀዖ። እቲ ሕገ ደንቢ አፈላላያት ዘጠናኽር እምበር ሓድነት ዘጠናኽር አይኮነን። ናይ ኢትየጵያ መንግሥታዊ ሥልጣን ሂዝካ ንህዝብታት ኢትዮጵያ ብሓደ ዓይኒ ንምርኣይን ንምግልጋልን ተሪፉ ሕጂውን አምሓራይ ጸላኢ እዩ ምባል እንኳይዶ እንካብ ፖለቲካዊ ሥልጣን ዝጨበጠሰ፣ እንካብ ቡሱል ተራ ወዲሰብ’ውን ትጽቢት ዝግበረሉ ኣረኣእያ ኣይኮነን።

እዚ ኹሉ ዝብሃል ዘሎ ንኽይመጽእ ካብ ገንኡ ብዙሓት ፈላጣት፣ ተቓወምቲ ንሕናውን ከም ትዴትን (TAND) ብግለሰብን ክነጠንቕቕን ክነተሓሳስብን ጸኒሕና ኢና። ንአባይን ንህወሓትን ንምንታይ ኢኹም እቲ ምኽርታት ዘይትሰምዕዎ ነይርኩም? ብኣንጻሩ ንምንታይ ኢኹም ንዚ ምኽሪ ንዝለገሱ ጸረ ህዝቢ፣ ናይ አምሓሩ ኮራኹር፣ ጉሓፉት ወዘተ. እንዳበልኩም ተጸልሙን፣ ትአሰሩን፣ ትገርፉን ነይርኩም? ዝብሉ ሕቶታት ክነቕርብ ንግደድ።

ሕጂ ምስተወጠሩ አቶ አባይ ብዙሕ አብ ውሽጠም ዝነበረ ምጉታት ምስጢር የውጽእ ኣሎ። ንምንታይ ቅድም ኢልኩም እቲ ዝግበር ክትዓት ህዝቢ ክፈልጦ ዘይገበርኩም? ኢልና ክንሓትት ንግደድ። ብወገንና ካብቲ ድሑር ሚስጢራዊ አሰራርሓ ህወሓት ዝብገሰ ምኻኑ ንርዳእ ኢና። ብሓደ ወገን ዝሰረቕኩሞን ዘጥፋእኩሞን ከይፍለጥ ትገብርዎ አካይዳ ክኸውን ከሎ በቲ ካልእ ወገን ድማ ዲሞክራሲያዊ አሰራርሓ ብዘይምህላው ፍሉይ አረኣእያታት ናብ መድረኽ ክወጹ ስለዘይትፈቕዱ እዩ።

ነዚ ኩሉ ተፈጢሩ ዘሎ ጸገማት ተጠያቒት ህወሓት እያ። ምኽንያቱ ህወሓት አብ መጀመሪያ ወሳኒ ግድ ስለዝነበራ ክተዕርዮን ትኽክለኛ መስመር ከተትሕዞን ትኽእል ስለዝነበረት። ናይዚ ኩሉ ድኽመትን ሰበብን መሰረቱ ናይ ህወሓት መራሕቲ እዮም። ኣብዚ ቀረባ ዝተገበረ ናይ ጽሬት/ተሃድሶ ዘምቻ እኳ እንትርኢና ንድሕሪት ዝስሕብ ዘሎ ናይ ህወሓት መሪሕነት እዩ። ናይ ፖለቲካ እሱራት ይፈትሑ፣ ናይ ፖለቲካ ምህዳር ይስፋሕ ምስተበሃለ ናይ ኦሮሞ ክልልን ናይ አምሓራ ክልልን ከትግብርዎ ክፍትኑ ከለው ብወገን ትግራይ ግን ፖለቲካዊ እሱራት እኳ ክፈትሑ አይጀመሩን። ንተቓወምቲ ክዕድሙ አይተረኣየን። መርሕቲ ህወሓት ነዚ አብ ግብሪ ንኽይተውዕልዎ እንታይ ከልኪልኩም? ናይ ህወሓት

አመራርሓ ካብ ዝግባእ ንላዕሊ መሪቱ እዩ። ነቶም ዝረአዩ ዘለው ለውጥታት ከዐንቅፍ እምበር ለውጢ ከምጽእ አይኽእልን። ክነወግዶ ዘለና እምበር ክንጽግዮ ንኽእል ኣይኮነን።

ካሊእ ኣብዚ እንተይጠቐስናዮ ክንሓልፎ ዘይግባእ ነጥቢ ኣይተ ኣባይ ብዛዕባ ኣንቀጽ 39 ተጠቂምካ ምንጻል መሰል ከምዝኮነ ድሕሪ ምግላጽ፣ ምንጻል ኣብታ ሃገር ከምጽኦ ብዛዕባ ዝኽእሎ ዕንወት'ውን ይሕብር። ት ዴ ት ምፍንጫል ኢትዮጵያ እካብ ኢትዮጵያ ሓሊፉስ ንሙሉ ቀርኒ ኣፍርቃ ክጸሉ ዝኽእል ሓደገይና ሳዕቤን ከምዘለዎ ብምግንዛብ ኣቐዲሙ ፍትሕን ርትዕን ሽቶ ዝገበረ ሕገ መንግሥታዊ ሥርዓት እምበር ኣንቀጽ 39 ፍታሕ ከምዘይኸውን ኣቐዲሙ ደጋጊሙ ክገልጾ ዝጸንሐ መርገጽ ስለዝኾነ ኣብዙ ደጊምካ ናብ ዝርዝር ምእታው ኣድላይ ኣይኸውንን። ይኹን እምበር ህወሓት/ኢህወዴግ እንካብዙ ዘጋጥም ዘሎ ጸገም ተማሂሩ እንተኾይኑን እቶም ኣይተ ኣባይ ዘቕረቦም ሳዕቤናት ዝቕበል እንተኾይኑን ንቱ ዝተጠቕሰ ኣንቀጽ ሓዊሱ ናይ ፖሊሲን ምኽላስ ሕገ መንግሥትን ንምቕባል ዓቐበት ዝኾኖ እንታይ እዩ? እቶም ኣይተ ኣባይ ብትኽክል ዝገለጾም ኣሉታዊ ሳዕቤናት ህወሓትን/ኢህወዴግ'ውን ተረዲኦሞ እንተኾይኖም ምግንጻል ከምኣማራጺ ተገይሩ ብመራሕቲ ህወሓትን ተለኣኣኽቶምን እናተደጋገመ ዘለዓልን ዝተባባዕን ዘሎ ንምንታይ እዩ?

ህዝቢ ትግራይ ዘለና መማረጺ ምስ ኩሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኮይንና ንመራሕቲ ህወሓት ምውጋድን ዝጠቕመና ውድብ ምድጋፍ ወይ ምፍጣር እዩ። ምኽንያቱም ተሓድሶ፣ጥልቀት ተሓድሶ ኢሎም የተአረሙን። ኣባይን ስዩምን በስቢስና ኢና እናበሉ ካብ ዝበሰበሱ እንታይ ቁም ነገር ክርከብ። ኣብ መድረኽ ወጺኻ በስቢስና ካብ ምባል፣ ንቲ ሓዱሽ ወለዶ ተረከበና ኢልካ ዶ ዘወር የምህሽን። ኸዚ 'ውን ካብ በስቢስና ዝበሉ ዝበለጸ ክሰርሕ ዝኽእል ኣካል ስለዘሎ ንመሰረታዊ ለዊጢ ንለዓል። መሰልካን ክእለትካን ንዝበሰበሱ ኣህሊፍካ ምሓብ የታሪኽናን!

ትዴት

22.02.2018